# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ጥሪ 2ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ከሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 11 **ጥሪ** 2016 | 1 **ሳሙ** 1: 1-8<br>**መዝ** 116፣ 12-19<br>**ማር** 1: 14-20 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይ ሳሙኤል ብዛዕባ ሥድራቤት ሕልቃና ይዛረበና። ሕልቃና ክልተ ኣንስቲ - ሓናን ፍናናን - ዝበሃላ ነበራኦ። ፍናና ውሉድ ነበሩዋ፣ ሓና ግና መኻን ነበረት። "ሓና ክትሥውዕ ናብ ቤት እግዚኣብሔር ክትድይብ ከላ፣ ፍናና፡ ሓና በኽያ ምብላዕ ክሳዕ እትኣቢ ተባጭወላ ነበረት። ሕልቃና ሰብኣያ ኸኣ "ሓና፡ እንታይ ኴንኪ ኢኺ እትበኽዩ? እንታይከ ኼንኪ ዘትበልዒ? እንታይ ኴንኪ ኸ ትጉህዩ ኣሎኺ? ካብ ዓሠርትር ውሉድ ኣነዶ ኣይኅሸክን!" ይብላ ነበረ።" ይብለና።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ "ኣብ ክንዲ እቲ ሠናይ ዝገበረለይ ኩሉስ፣ ንእግዚኣብሔር እንታይ ውሬታ ክመልሰሉ እየ? ናይ ምድኃን መሥዋዕቲ መስተ ክሥውዕ እየ፣ ስም እግዚኣብሔር ኸኣ ክጽውዕ እየ። ንእግዚኣብሔር ኣብ ቅድሚ ኹሉ ሕዝቡ መብጽዓይ ክፍጽመሉ እየ። . . . ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣነ ባርያኻ እየ፣ ከምቲ ኣደይ ዘገልገለትካ፡ ኣነ ኸኣ ከገልግለካ እየ፣ ንስኻ ንኣይ ካብ ሞት ኣድኃንካኒ። መሥዋዕቲ ምስጋና ኽሥውዓልካ እየ፣ ስምካ እናጸዋዕኩ ድማ ናባኻ ክጽሊ እየ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማርቆስ ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ነቶም ቀዳሞት ኣርባዕተ ሓዋርያት ኪስዕብዎ ከም ዝጸውዖም ይዛረበና። "ኢየሱስ ከኣ 'ገፈፍቲ ሰብ ኪገብረኩምሲ ንዑ ሰዓቡኒ' በሎም። ንሳቶም ከኣ መርበቦም ኃዲጎም ሸዑንሸዑ ሰዓብዎ።" ይብለና።<br><br>እግዚኣብሔር ኣብ ነቶም ነብያትን ሓዋርያትን ክጽውዖም ከሎ ካብቶም ብመምዘኒ እዚ ዓለም ኣዚ ትሑታት ዝኾኑ ሰባት ከም ዝመርጽ ንርኢ። ሓና እታ መኻን ኩሉ ዝንዕቃ ዝነበረ፡ ውርደታ ርእዩ ውሉድ ሂቡዋ፣ ንሳ ከኣ ንኣምላኽ ከገልግል ስለ ዘወፈየቶ ዓቢይ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ኮነ። ንሱ ነቢይ ሳሙኤል እዩ። ካብቶም ገፈፍቲ ዓሳ ከኣ ሓዋርያቱ ዞኾኑ መረጸ። ነቶም ዕቡያትን ምርኡያትን ኣይደልዮምን እዩ። ካብቶም ኣምላኽ ዘድህበሎምን ዝግደሰሎምን ክንከውን ምእንቲ ርእሽና ኣይነልዕል። በቲ ትሑት መነባብሮና ወይ ስእነትና ኣይንሰከፍ ወይ ኣይንሕፈር። ናይ ኣምላኽ ውሉድን መታዓይይቱን ክንከውን ዕድል ተዋሂቡና እዩ። ማርያምን ዮሴፍን ንኢየሱስ ከዕብይዎ ከለዉ፣ ብምመዘኒ እዚ ዓለም ሓንቲኳ ዘይነበሮም፣ ጐይታ ሰማይን ምድርን ግና ምስኦም ኣብ ቤቶም ይነብር ነበረ። ስለዚ እቲ ዘድልየና ሓደ ነገር ጥራሕ እዩ፣ ኣምላኽ ኣብ ልብናን ኣብ ቤትናን ክነብር ብትሕና ምቕባሉ ምኽኣል እዩ። ንሱ ኣብታ ንዕቕቲ እትመስል ቤትና ንኩሉ ግዜ ምሳና ክነብር እዩ። "ኦ ጐይታ ንስኻ ኣብ ቤተይ ክትኣቱ ኣይበቅዕን እየ፣ እንተኾነ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ ሃብተይ፡ ኣብ ቤተይ ክትነብር ከኣ ድልየተይ እዩ። ከም ኣቦይ ከም ሓወይ/ሓፍተይ፡ ከም ዓርከይን መጸናንዕየይን ምሳይ ንበር። መተዓይይትኻ ከኣ ግበረኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 12 ጥሪ | 1 ሳሙ 1፥ 9-20<br>1 ሳሙ 2: 1, 4-8<br>**ማር** 1፥ 21-28 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይ ሳሙኤል 1ይ ምዕራፍ፡ “ኦ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት፡ ውርደት ባርያኻ ኣጸቢቕካ ርኢኻ እንተ ዘኪርካኒ፣ ንኣይ ንባርያኻውን ከይረሳዕካ ወዲ እንተ ደኣ ሂብካኒ፣ ኣነ ድማ ብኹሉ ዘመን ሕይወቱ ንኣኻ ንእግዚኣብሔር ኬገልግል ክውፍዮ እየ፣ ርእሱ ኸኣ ከቶ ኣይክላጸን እዩ” እናበለት ሓና ጸለየት። ጸሎት ሓና ተሰሚዑስ ወዲ ከም ዝወለደት ከኣ ይነግረና።<br>• 1ይ ሳሙኤል 2ይ ምዕራፍ፡ ሓና ከኣ ንኣምላኽ፣ “ልበይ ብእግዚኣብሔር ይሕጉስ፣ ኃይለይ ከኣ ብእግዚኣብሔር ልዕል ይብል። ስለ ዘድኃንካኒ ተሓጒሰ እየ እሞ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእተይ እሕበን ኣለኹ። . . . እታ መኻን ሸውዓተ ወለደት፣ እታ ወላድ ግና ውሉድ ሰኣነት። . . . ነቲ ነዳይ ካብ ሓመድ የተንሥኦ፣ ነቲ ድኻውን ካብ ጎሓፍ የልዕሎ፣ ምስ መኳንንቲ የቐምጦም፣ ዝፋን ክብሪውን የውርሶም።” እናበለት ኣመስገነቶ።<br>• ወንጌል ማርቆስ ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ርኹስ መንፈስ ዝኃደሮ ሰብ ከም ዘኈወየ የዘንቱ። “እንሆ ኸኣ ኣብቲ ቤት ጸሎቶም ርኹስ መንፈስ ዝኃደሮ ሰብ ነበረ። እናእወየ “ኢየሱስ ናዝራዊ፡ ንስኻ ምሳና፡ ንሕና ምሳኻ እንታይ ኣሎና? ከተጥፍኣናዶ መጺእኻ? መን ምዃንካ እፈልጥ እየ፣ እቲ ናይ እግዚኣብሔር ቅዱስ ኢኻ” በለ። ኢየሱስ ከኣ “ስቕ በል፡ ካብኡውን ውፃእ” ኢሉ ገሰጾ። ቲ ርኹስ መንፈስ ከኣ ነቲ ሰብ ፈርፈር ኣበሎ፣ ብዓቢይ ድምፂ እናጨርሐ ኸኣ ካብኡ ወጸ። . . . ዝናኡ ድማ ሽዑን ሽዑ ኣብ ኩሉ ከባቢ ገሊላ ተሰምዐ።” ይብለና።<br><br>ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጥረት ሥልጣን ኣለዎ። ዝደለዮ ይገብር። ነቶም ካብኡ ዚጽበዩ ከኣ የድኅኖም እዩ። ኣብ መነባብሮናን ማሕበራዊ ሕይወትናን ዘጸግሙና ነገራት፣ ብጸሎት እንተ ኣቕሪብናሉ ከምቲ ንሓና ውርደታ ዝኣለየላ ከምኡ ንኣናውን ኣምላኽ ክገብረልና ይኽእል እዩ። ካብ ማእሰርቲ እቲ እኩይ ሰይጣንውን ኬድኅነና ይከኣሎ እዩ። ሓና ቃል ኣምላኽ ትፈልጥ ስለ ዝነበረት፡ ንኣምላኽ ኩሉ ስልጣን ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ምዃኑ ስለ ዝፈለጠት ብእምነት ረዲኤቱ ትደሊ ነበረት። ንሕናውን ብመጀመርያ ንኣምላኽ ክንፈልጦ ቃል ኣምላኽ ክንምገቦን ክንሰትዮን የድልየና፣ ካብኡ እዩ እምነትና ዚብገስ። ከምቲ ቃል ኣምላኽ ዘተስፈወና ኪገብረልና ከኣ ንልምኖ። ይሰምዕና ኸኣ። ልዕሊ ኩሉ እቲ እኩይን ርኹሳት መናፍስትን ኣብ ሕይወትና ከይነግሡ፣ ንጥንቀላን፡ ኣብ ስብን ገንዘብን ምውካልን ክሒድና፡ ኢየሱስ ጐይታ ሕይወትና ክንገብሮ የድልየና። “ኦ ጐይታይ፡ ሰብ ብግዙፍ ነገራት ጥራይ ከምዘይነብር ከም ዝርዳእ ግበረኒ፣ ቃልካ ምእንቲ ኪመገቦ መቐረቱ ኣሕድረለይ፣ ኣብ ጸሎት ምሳኻ ክራኸብ ኣኽእለኒ። ብመንፈስካ ናይ ኣምሮን ልብን ምስትውዓል ሃበኒ። ፍቕሪ ቤትካ ኣሕድረለይ። ንክገልግለካ ከኣ ምሃረኒ። ኣሜን!” |

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
<tr><td>13 ጥሪ</td><td>1 ሳሙ 3፥ 1-10, 19-20<br>መዝ 40፥ 2, 5, 7-10<br>ማር 1፥ 29-39</td><td>ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<ul><li>1ይ ሳሙኤል 3ይ ምዕራፍ ብዛዕባ ጸዋዕታ ሳሙኤል ይዛረበና። ንመጀመርታ ግዜ ድምፂ ኣምላኽ ይሰምዕ። “ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ እሞ፣ ኦ እግዚኣብሔር ተዛረብ” ንምባል ከኣ ተማህረ። “ሳሙኤል ከኣ ዓበየ፣ እግዚኣብሔር ድማ ምስኡ ነበረ። ካብ ኩሉ ዘረባ ሳሙኤል ሓንቲኳ ኣብ ምድሪ ኣየውደቓን። ብዘሎ እስራኤል፣ ካብ ዳን ክሳዕ ብኤር-ሸባዕ ድማ፡ ሳሙኤል እሙን ነቢይ እግዚኣብሔር ከም ዝኾነ ፈለጠ።” ይብለና።</li><li>መዝሙር ዳዊት 40 ከኣ ስለ ምድኃን እግዚኣብሔር የመስግን። “ጐይታይን ኣምላኸይን፡ ንኣና ዝገበርካዮ፡ ንኣና ዝሓሰብካዮ ዜገርም ሓሳባትን፡ ብዙኅ እዩ፣ ንኣኻ ዚመስል ከቶ የልቦን። ክነግረሉን ክዛረበሉን እንተ ደሌኹስ፡ ምቝጻሩ ዘይከኣል ብዙኅ እዩ። . . . ብጽድቅኻ ከም እተድኅነና ኣብቲ ጉባኤ ሕዝብኻ ኣበሠርኩ፡ እንሆ፡ ጐይታየ፡ ከናፍረይ ከም ዘይዓጸኹ፡ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ። ነቲ ናይ ምድኃን ብሥራት ኣብ ውሽጢ ልበይ ኣይሓባእኩዎን፣ እሙን ምዃንካን ምድኃንካን ነገርኩ፣ ምሕረትካን ሓቅኻን ኣበሠርኩ እምበር ኣብቲ ዓቢይ ጉባኤ ሕዝብኻስ ስቕ ኣይበልኩን።” ይብል።</li><li>ወንጌል ማርቆስ 1ይ ምዕራፍ ከኣ ብዛዕባ ንሓማት ጴጥሮስን ካልኦት ሕሙማትን ከም ዘሕወየን፣ ኣብ ገሊላ ከም ዝመሃረን ይነግረና። “ሓማት ስምዖን ከኣ ረስኒ ሓሚማ ደቂሳ ነበረት እሞ፣ ብዛዕባኣ ነገርዎ። ኢየሱስ ድማ ናብኣ ቀሪቡ ብኢዳ ኂዙ ኣተንሥኣ እሞ እቲ ረስና ኃደጋ፣ ንሳ ድማ ኣገልገለቶም። . . . ንሱ ድማ በብዓይነቱ ሕማም ዚሳቐዩ ብዙኃት ሰባት ኣሕወየ፣ ብዙኃት ኣጋንንቲውን ኣውፅአ፣ . . . ኣብ ኣባይቲ ጸሎት ኣይሁድ እናሰበኸ ኣጋንንቲውን እናውፅአ ኣብ ኩሉ ገሊላ ይዛወር ነበረ።” ይብለና።</li></ul>እቲ ነቢይ ምእንቲ ድኅነት ደቂ እስራኤል ካብ ኣምላኽ ዝተዋህቦ መልእኽቲ ኩሉ የመሓላልፍ ነበረ። ኢየሱስ ከኣ ካብ ኩሉ ሕማምናን ኃጢኣትናን ካብ ማእሰርቲ ሰይጣንን ሓራ ኬውጽኣና ደድሕሬና ይመጽእ ኣሎ። ኢየሱስ ጥዑም ብስራት ሒዙልና እዩ መጺኡ። ብዙሕ ዘፍቅረና ሰማያዊ ኣቦ ከም ዘሎና፣ ንሕና ኩላትና ኣሕዋትን/ኣሓትን ምዃና፣ ኃጢኣት ብመንፈስን ብሥጋን ዚኣስረና ካብ ሰማያዊ ኣቦና ዜርሕቀና ክፉእ ነገር ምዃኑ ይምህረና። ኣብ ትሕቲ ኃጢኣት ክሳዕ ዘሎና ሓጎስን ሰላምን ክንረክብ ከም ዘይንኽእል ይምህረና። ምንሳሕን ናብ ኣምላኽ ምምላስን ከም ዘድልየና ይነግረና። ነቶም ኣሚና እንቐበሎ ከኣ ሓዲሽ ሕይወት ኣተስፋዩና ኣሎ። ንሱ ከኣ ውሉድ ኣምላኽ ምዃን እዩ፣ ኣብ ቤት ኣቦና ሕጅን ንዘለዓለምን ምንባር እዩ። “ኦ ጐይታይ ነቲ ብኣፍ ነብያትን፡ ብኣፍ ወድኻ ኢየሱስ ክርስቶስን ዝሃብካኒ መልእኽቲ ክቐበለካ ጸጋኻ ኣብዝሓለይ። ካብ መርዚ ኃጢኣት ምእንቲ ኪፍወስ ከኣ ዝንሳሕ ልቢ ሃበኒ።”</td></tr>
</table>

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 14 ጥሪ | 1 **ሳሙ** 4፥ 1-11<br>**መዝ** 44፥ 10-11, 14-15፣ 24-25<br>**ማር** 1፥ 40-45 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይ ሳሙኤል 4ይ ምዕራፍ ታቦት ኪዳን ከም ዝተማእኸት የዘንትወልና። "ደቂ እስራኤል ከኣ ተሳዕሩ፣ ነፍሲ ወከፍ ድማ ናናብ ድንኳኑ ሃደመ። እቲ ውግእ ከኣ ኣዝዩ በርትዐ እሞ፣ ካብ እስራኤል ሠላሳ ሽሕ ኣጋር ወደቑ። ታቦት ኣምላኽ ተማረኸ፣ ክልቲኦም ደቂ ኤሊ፡ ኦፍኒን ፊንሃስን እውን ሞቱ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 44 ከኣ "ካብ ጸላእትና ከም እንሃድም ገበርካና፣ ንሳቶምውን ዘመቱና። ከም ኣባጊዕ ክንሕረድ ኣኅሊፍካ ሃብካና፣ ኣብ ካልእ ሃገራትውን ፋሕ ኣበልካና። . . . ኣብ እሕዛብ መመሰሊ፡ ኣብ ማእከል ሕዝብታት ርእሶም ዚንቕንቑሎም ንዑቓት ገበርካና። . . . ስለምንታይከ ካባና እትኅባእ? ንመከራናን ጸበባናን ኣይትረስዓዮ።" ይብል።<br>• ወንጌል ማርቆስ 1ይ ምዕራፍ ድማ ብዛዕባ እቲ ኢየሱስ ዘሕወዮ (ዘንጽሖ) ለምጻም ይነግረና። "ፍቕድካ እንተ ደኣ ኾይኑስ ከተንጽሃኒ ትኽእል ኢኻ" እናበለ ለመኖ። ኢየሱስ ከኣ ራኅርኆሉ፣ ኢዱ ዘርጊሑ ተንከዮ፣ "ፍቓደይ እዩ ንጻሕ" እውን በሎ። እቲ ለምጹ ድማ ብቅጽበት ኃደጎ እሞ ነጽሐ።" ይብለና።<br><br>ናይ ደቂ እስራኤል ጠባይ ንተግባራትና ይመስል። ነገራት ደሓን ዚኸዱ ኪመስሉ፣ ንኣምላኽን ትእዝዛቱን ይርስዑ፣ ኣብቲ ኣንጻር ጸላእቶም ዝገብርዎ ውግእ እሞ ዓቕሎም ዝጸቦም ግዜ ግና፡ ንኣምላኽ ምስኦም ክስለፍ ይደልይዎ። ንሕናውን ከምኦም ብሓደ ወገን ከም ባህግታት ሥጋና ክንመላለስን፡ ከም ደቂ ዓለም ክንከውንን ንደሊ፣ በቲ ካልእ ከኣ ገለ ጸገም ከጋጥመና ከሎ ንኣምላኽ ንዘክሮን ክረድኣና ንልምኖን። ንኣምላኽ ቦታ ዘይሀብ ሕይወት እናሕለፍና፣ ኣምላኽ ንውግእና ክዋግኣልና ከመይ ኢልና ንጽበ? ኣብ ቅድሚ ጸላእትና ከም እንሃድም ይገብረና። ከንዋረድ ይገድፈና። ንመስተ ዘምለኸ፡ ብመስተ ይዋረድ፣ ፍትውው ጾታዊ ልምዲ ዝገበረ፡ ሓዳሩ የጥፍእ፡ ውሉዲውን ይንዕቅዎ፣ ተጣላዕን ሓሻሽን ሰብ ከኣ ብስእነት ይሳቐ። እግዚኣብሔር ክዋግኣልና፡ ኣምላኽና ክንገብሮን ብሕይወትና ክነኽብሮን የድሊ። ብምኽንያት ኣምላኽ ዘይምፍላጥና ሕይወትና ዝተዋረደ፡ ዝተናዕቀ፡ ካብ ሰብ ተስፋ ደሊና ዝቐበጸና እንተሎና፣ ናብ ኣምላኽ ንመለስ። እቲ ክፉእ ለምጽና ናብ ጐይታ ኢየሱስ ነምጽኣዮ፣ ንሱ ከሕውየና እዩ። ንኣምላኽን ትእዛዛቱን እንዳኽበርና ከሎና ዚገጥመና ሕሰም ወይ መከራ ግና ናይ ኣምላኽ ውግእ እዩ እሞ፡ ንእኡ ንሃቦ። ብእምነት ንጸበዮ። ኪመጽእን ከድኅነናን እዩ። "ኦ ጐይታይ መሓረኒ! ብትዕቢት ተመሊአ ንኹሉ ባዕለይ ከም ዝኽእሎ ኣብ ሕይወተይ ንበይነይ ዝተጐዓዘኩዎ ግዜ ይቕረ በለለይ። ምሳኻ ምኻን ይሐሽኒ! ጸላእተይ ኣርሕቐለይ። ውግኣይ ባዕልኻ ተዋግኣለይ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 15 **ጥሪ** | 1 **ሳሙ** 8፡ 4-7, 10-22<br>**መዝ** 89፡ 16-19<br>**ማር** 2፡ 1-12 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይ ሳሙኤል 8ይ ምዕራፍ፡ ደቂ እስራኤል ንሳሙኤል “ከም ኩሎም ሕዝብታት ንጉሥ ግበረልና” ኢሎም ከም ዝሓተትዎ የዘንትወልና። ሳሙኤል ናብ ኣምላኽ ምስ ጸለየ፣ “እግዚኣብሔር ንሳሙኤል ከምዚ በሎ፦ “ኣነ ኣብኦም ከይነግሥ፡ ንኣይ እዮም ዝነዓቑ እምበር፡ ንኣኻ ኣይኮኑን ዝነዓቑ እሞ፣ እዞም ሕዝቢ ዝበሉኻ ኹሉ ቃሎም ስማዕ። . . . ግናኸ ኣጽኒዕካ ምዓዶም፡ እቲ ኣብ ልዕሊኦም ዚነግሥ ንጉሥ እንታይ ከም ዝገብሮም ከኣ ኣፍልጦም።” ከም ዝበሎ ይነግረና።<br>• መዝሙር ዳዊት 89 ከኣ “ኦ እግዚኣብሔር ነቲ ዚከላኸለልና ንስኻ መረጽካዮ፡ ኦ ቅዱስ ኣምላኽ እስራኤል፡ ንንጉሥና ንስኻ ሃብካና። . . . ‘ንጅግና ኃይሊ ሂበዮ ኣለኹ፡ ነቲ ካብ ሕዝቢ ዝኃረኽዎ ዝፋን ሂበዮ ኣሎኹ’።” ይብል።<br>• ወንጌል ማርቆስ 2ይ ምዕራፍ ከኣ ብዛዕባ እቲ ኢየሱስ ዘሕወዮ ልሙስ ይዛረበና። ገሊኦም ካብ መማህራን ሕጊ ኢየሱስ ነቲ ልሙስ “ኃጢኣትካ ተኃዲጉልካ እዩ” ስለ ዝበሎ፡ ይጸርፍ ኣሎ ኢሎም ብልቦም ከም ዝሓሰቡ ፈሊጡ፣ “ኃጢኣትካ ተኃዲጉልካ’ ምባልዶ ወይ ‘ተንሥእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ኺድ” ምባል? እምበኣር ወዲ ሰብ ኣብ ምድሪ ኃጢኣት ኪኃድግ ሥልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ ኽትፈልጡ’ ኢሉ ነቲ ልሙስ፡ ‘ተንሥእ እሞ ዓራትካ ተሰኪምካ ናብ ቤትካ ኺድ እብለካ ኣሎኹ’ በሎ። እቲ ልሙስ ድማ ብኡንብኡ ተንሢኡ፡ ዓራቱ ኣልዒሉ ኣብ ቅድሚ ኹሎም ወፀ። ስለዚ ድማ ኹሎም ተገረሙ እሞ፡ ‘ከምዚ ዝበለ ኸቶ ኣይረኣናን’ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገንዎ።” ይብለና።<br><br>እግዚኣብሐር ጥራሕ እዩ እቲ ናይ ብሓቂ ንጉሥ። ደቂ እስራኤል ነዚ ሓቂ እዚ ንምርድኡ ከቢድዎም፡ “ከም ካልኦት ሕዝብታት ንጉሥ ግበረልና” ኪብሉ ንርኢ። ነገሥታት ዓለምና ከም እንገልግሎም ይገብሩና። እግዚኣብሄር ግና ንዓና እዩ ዜገልግለና። ኢየሱስ ናይ ሰማይ ምድርን ሥልጣን ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ክነሱ፣ ንዓና ክምህረናን ካብ ኃጢኣትናን ሕማምናን ክፍውሰናን ኣብ ሞንጎና ኮይኑ ብፍቕሪ ይዓዩ። ከም ነገሥታትና ግብሪ ኣይሓተተናን። ከምዚ ናቱ ንግሥነት ኣበይ ይርከብ? ንሱ ናይዚ ዓለም እዚ ክብሪ ወይ ሃብቲ ዝደሊኳ እንተ ዘይኮነ፣ ነተሓሳሰባናን ኣኻይዳናን  ክገዝኦን፡ ክመርሖን ግና ይደሊ። ነቶም ብእምነት ነታ መንግሥቱ ዝተቐበሉ ከኣ ንጉሦም እዩ። ነታ ዝመስረታ ቤተክርስቲያኑ ርእሳን፡ ንጉሣን፡ መራሒኣን እዩ። ካብ ትእዛዛቱ ሰድሪኳ ትኹን ክትወጽእ ኣይትኽእልን እያ። ንሕና ድማ እቶም ንሰይጣንን፡ ንዓለምን፡ ንሥጋን ኪሕድና ንኢየሱስ ዝተቐበልና ሕዝቢ ንሱ እንፈትዎ ንጉሥና እዩ። ንሱ ኣብ መኣዱ ምስኡ ክንምገብ ፈቒዱልና እዩ። ናይ ንስሓ ጻዕዳ ክዳን ክንክደን ግና ይደልየና። ምስ ኢየሱስና ምንባር ይሕሸና! “ኦ ጐይታ ንስኻ ጥራይ ንጉሥ ሕይወተይ ኩን! ንሰይጣን ንዓለም ንሥጋ ቊሊሕ ከይብል ጸጋኻ ሃበኒ።” |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
|---|---|---|
| 16 **ጥሪ** | 1 **ሳሙ** 9፥ 1-4, 17-19<br>**መዝ** 21፥ 2-7<br>**ማር** 2፥ 13-17 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኣብ 1ይ ሳሙኤል 9ይ ምዕራፍ ብዛዕባ ሳሙኢል ንሳኦል ከም ዝቐብኦ ይዛረበና። “ሳሙኤል ንሳኦል ምስ ረኣዮ ኸኣ፡ እግዚኣሔር “እቲ ዝበልኩኻ ሰብኣይ እንሆ፡ ኣብ ልዕሊ ሕዝበይ ኪገዝእ እዩ’ በሎ። . . . ሎሚ ምሳይ ክትምሳሕ ኢኻ እሞ፡ ቅድመይ ናብቲ ንእግዚኣብሔር ዚሰገደሉ ቦታ ደይብ፣ ጽባሕ ግና እቲ ኣብ ልብኻ ዘሎ ኹሉ ነጊረ ኽሰደካ እየ።” ከም ዝበሎውን ነንብብ።<br>• መዝሙር 21 ድማ “ኦ እግዚኣብሄር፡ ንጉሥ በቲ ዝሃብካዮ ኃይሊ ይሕጎስ፣ በቲ ዝሃብካዮ ዓወትውን ኣዝዩ ደስ ይብሎ። ትምኒት ልቡ ሃብካዮ፡ ዝለመነካውን ኣይከላእካዮን። ብዓብይ በረኸት ተቐበልካዮ፣ ብጽሩይ ወርቂ ዝተገብረ ዘውዲ ኣብ ርእሱ ደፋእካሉ። . . . እቲ ንጉሥ በቲ ኹሉ ዚኽእል እግዚኣብሔር ይኣመን፣ እቲ ልዑል ዘለዓለማዊ ምሕረት ስለ ዝገበረሉ ድማ ኣይክናወጽን እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ማርቆስ 2ይ ምዕራፍ ከኣ ብዛዕባ ጸዋዕታ ሌዊ ሓዋርያ - እቲ ተቐባሊ ቀረጽ ዝነበረ - ይዛረበና። እቶም መማህራን ሕጊ ፈሪሳውያን፡ ንኢየሱስ ምስ ኃጢኣተኛታት ተቐሚጡ ኪበልዕ ምስ ረኣይዎ፡ ንደቀ መዛሙርቱ “ስለምንታይ ምስ ተቐበልቲ ቐረጽን ኃጥኣንን ዚበልዕን ዚሰትን’ በልዎም። ኢየሱስ ከኣ ሰሚዑ፡ ‘ሓኪምሲ ሕሙማት እምበር ጥዑያት ኣይደልይዎን እዮም፣ ኣነ ኸኣ ንኃጥኣን እምበር ንጻድቃን ኪጽውዕ ኣይመጻኹን’ በሎም።” ይብለና።<br><br>ደቂ እስራኤል ከም ሕዝቢ ምስ እግዚኣብሐር ዝኣተውዎ ኪዳን ነይርዎም እዩ። ንሱ በይኑ ጥራይ ኣምላኾም ኪኸውን፡ እግዚኣብሄር ከኣ ከም ሕዝቡ ኪሕልዎምን ኪመርሖምን እዩ ዝነበረ። እቲ እግዚኣብሐር ዝቀብኣሎም ንጉሥ ከኣ እቲ ዋና ሓላፍነቱ ነዚ ኪዳን ከም ዝሕሎ ምግባር እዩ። ኣብ ናይ ሎሚ ንባባትና፡ ሳኦል ናይ ደቂ እስራኤል እቲ 1ይ ንጉስ ኮይኑ ኪቐባእ ከሎ ንርኢ፣ በቲ ካላእ ወገን ከኣ እቲ ዘለዓለማዊ ንጉሥ ነፍሳትና ኢየሱስ፡ ንኃጥእን ኪደሊ ከም ዝመጸ ንርኢ። ኣብ ታሪኽ ከም እንረኽቦ ግና ብዙሓት ካብ ነገሥታት እስራኤል ኪዳኖም ጠሊሞም ንሕዝቦም ናብ ኣማልኽቲ ጣዖት ከም ዝመርሕዎምን ዘጋገይዎምን ንርኢ። ግዜኡ በጺሑ ኢየሱስ እቲ መሲሕ ምስ መጸ ግና ንነፍሳት ክሃድንን፡ ኬድኅንን፡ ንኃጥኣን ናብ መንግሥቱ ኬምጽእን ንርእዮ። ንሱ እቲ ሕያዋይ ጓሳ እዩ። ምእንቲ ኣባጊዑ ከኣ ሕይወቱ በጃ ንምሃብ ድሕር ኣይበለን። ስለዚ ንሕና ኩልና ኃጢኣትኛታት ናብ ቤቱ ንምድኃን ጽዉዓት ኢና። ኣብ መንግሥቱ ቦታ ኣሎና። ንጸዋዕትኡ ኣይንንዓቆ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ፡ ብኃጢኣተይ ስለ ዘይትፍንፍነኒ ኣመስግነካ ኣሎኹ። ካብ ኃጢኣተይ ፈውሰኒ፣ ናብኡ ከይምለሰውን ጸጋኻ ሃብኒ። ኣብ መንግሥትኻ ንዘለዓለም ምእንቲ ክነግሥ ኣብዚ ምድሪዚ ትእዛዛትካ እናሓለኩ ከም ዝነበር ግበረኒ።” |

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
<tr>
<td>17 ጥሪ</td>
<td>ኢሳ 62፣ 1-5<br>መዝ 96፣ 1-3, 7-10<br>1 ቆሮ 12፣ 4-11<br>ዮሓ 2: 1-11</td>
<td>ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br><br>
• ነቢይ ኢሳያስ 62 ምዕራፍ “ጽድቃን ከም ድሙቕ ብርሃን፡ ምድኃና ከም ሃልሃልታ ፋና ማሕ ክሳዕ ዚብል፡ ብዛዕባ ጽዮን ስቕ ኣይክብልን፡ ብዛዕባ ኢየሩሳሌም ድማ ኣይከዕርፍን እየ። ኣሕዛብ ንጽድቕኺ ኩሎም ነገሥታት ከኣ ንኽብርኺ ኺርእይዎ እዮም፣ በቲ እግዚኣብሔር ዘውፅኦ ሓዲሽ ስም ድማ ክትስመዪ ኢኺ። ኣብ ኢድ እግዚኣብሔር ክቡር ኣኽሊል፡ ኣብ ኢድ ኣምላኽኪ ድማ ዘውዲ ንጉሥ ክትኮኒ ኢኺ። . . . ከምቲ ጕበዝ ንድንግል ዝምርዓዋ፡ ከምኡ ፈጣሪኺ ኺምርዓወኪ እዩ እሞ፣ መርዓዊ ብመርዓቱ ከም ዚሕጐስ፡ ከምኡ ኣምላኽኪ ብኣኺ ኪሕጐስ እዩ።” ይብለና።<br><br>
• መዝሙር ዳዊት 96 ከኣ ነቲ ልዑል ንጉሥ ዝኾነ ኣምላኽ ክነመስግኖ ይዕድመና ኣሎ። “ሕዝቢ ዓለም ኩሉኹም ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ፣ ክብርን ኃይልን ናቱ እዩ እሞ ንእግዚኣብሄር ኣመስግንዎ። . . . ነሕዛብ “እግዚኣብሄር ንጉሥ እዩ፣ ንዓለም ኣብ ጽኑዕ ስለ ዝሠረታ ኣይክትናወጽን እያ፣ ንሕዝብታት ከኣ ብቕንዕና ኺፈርዶም እዩ” ኢልኩም ንገርዎም።” ይብለና።<br><br>
• ኣብ 1ይ መልእኽቲ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ምዕራፍ 12 ከኣ ብዛዕባ ውህበታት መንፈስ ቅዱስ ይዛረበና። “እምበኣርከ በብዓይነቱ ውህበት ኣሎ፣ መንፈስ ቅዱስ ግና ሓደ ንሱ እዩ። በብዓይነቱ ኣገልግሎት ኣሎ፣ ጐይታ ግና ሓደ ንሱ እዩ። በብዓይነቱ ዝኾነ ተግብራት ኣሎ፣ እቲ ኣብ ኩላቶም ኩሉ ዚገብር ኣምላኽ ግና ሓደ ንሱ እዩ። ምግላጽ መንፈስ ቅዱስ ንጥቕሚ ብዙኃት ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ይወሃቦ እዩ። ንሓደ ብመንፈስ ቃል ጥበብ፡ . . . ቃል ፍልጠት፡ . . . እምነት፡ . . . ናይ ምፍዋስ ውህበት፡ . . . ተኣምራት ምግባር፡ . . . ትንቢት ምዝራብ፡ . . . መናፍስቲ ምልላይ፡ . . . በብዓይነቱ ቛንቋታት ንምዝራብ፡ . . . ቋንቋታት ንምትርጓም ኃይሊ ይወሃቦ እዩ። ነዚ ኹሉ ኸኣ ንሱ እቲ ሓደ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝደለዮ ገይሩ ንነፍሲ ወከፍ ገግዲኡ እናመቐለ እዩ  ዚገብሮ።”<br><br>
• ወንጌል ዮሓንስ 2ይ ምዕራፍ ከኣ ብዛዕባ መርዓ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ የዘንትወልና። “ወይኒ ምስ ተወድአ፡ ኣደ ኢየሱስ ‘ወይኒ እምበር የብሎምን’ በለቶ። ኢየሱስ ድማ ‘ኣቲ ሰበይቲ፡ ምሳኺ ኸ እንታይ ኣሎኒ? ጊዜይ ገና ኣይበጽሐን’ በላ። ኣዲኡ ድማ ነቶም ተዓጠቕቲ ‘ንሱ ዚብለኩም ኩሉ ግበሩ’ በለቶም። . . . ኢየሱስ ነቶም ተዓጠቕቲ ‘ነዘን ኣጋንእ ማይ ምልኡወን’ በሎም፣ . . . ።” እቲ ተኣምራት ከኣ ሽዑ ተፈጸመ፣ እቲ ማይ ናብ ወይኒ ተለወጠ።<br><br>
ኣምላኽ ንነፍስና ይኹን ንቤተክርስቲያኑ ምሉእ ብምሉእ ናቱ ኪገብራ ከምዝደሊ ይነግረና ኣሎ። ብሓዲሽ ወይኒ መንፈስ ቅዱስ ክትሕጐስን ክትሕደስን ከም ዝገብራ ይነግረና ኣሎ። ጽድቂ ቤተክርሲትያና ከም ድሙቕ ብርሃን ኮይኑ ነሕዛብ ኬብርሃሎምን፡ በቲ ውህበታቱ መንፈስ ቅዱስ ተሸሊማ ክትወጽእን ነቶም ዝድኅኑ ሕዝቢ ኣምላኽ ክተገልግሎምን ኣምላኽ ይደልያን ይጽበያን። በዚ ኃይሊ ተኣምራቱ ንኣምላኽ ከነመስግኖን ክንዝምረሉን ከኣ ይግበኣና።  ኩልና ክርስቲያን በቲ ዘተዋህበና ናይ ኣገልግሎት ውህበት፡ ከም ሕያዋን ኣእማን ኮይና ንምህናጽ ቤተክርስቲያን ክንዕጠቕ ይግበኣና። ንቕድስና ነፍስናውን ኪኸውን እዩ። ኣምላኽ ቅዱስ እዩ፣ ካብቲ ቅድስናኡ ከኣ የካፍለናን ይሸልመናን ኣሎ። ንምሥጢራት ኣምላኽ ክነስተውዕሎ ዚገብረና ውህበት መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝኾነ፡ “ንዓ መንፈስ ቅዱስ ንሕይወተይ ምራሕ። እሙን ተኸታሊ ክርስቶስ ከም ዝኸውን ግበረኒ!” እናበልና ኩሉ ግዜ ንጸሊ።</td>
</tr>
</table>